Tigrinya

WINNIPEG SCHOOL DIVISION

# SafeArrival (ብደሓን ምብጻሕ) ደብዳበ ንወለዲ

ሕዳር 20, 2018

ዝኸበርኩም ወለድን ኣለይትን፣

ኣብ ዊንፐግ ስኩል ድቪዥን (Winnipeg School Division) ፣ ተመሃሮ መዓልታዊ ናብ ቤት-ትምህርቲ ብሰላም ከምዝመጹ ምርግጋጽ ቀዳምነት ካብ ንሰርሖም ነገራት እዩ።

ነዚ ዘለና ናይ ብኩራት መከታተሊ መስርሕ ንምሕያል፣ **ሓድሽን ስሉጥን ዝኾነ ሰይፍ-ኣራይቨል (SafeArrival)** ዝብል ስርዓት/ሜላ መሐበሪ ብኩራት ነተኣታቱ ኣለና። እዚ ሓድሽ ስርዓት/ሜላ፣ ነቲ ኣብ፣ ህላወ-ተመሃራይ ንምርግጋጽ ነጥፍኦ ግዜ ንምጉዳልን፣ ንዓኻትኩም ውላድኩም ከምዘብኮረ ንክትሕብሩና ከቕልለልኩምን፣ ከምኡውን ኣባላትና ንብዘይ ምኽንያት ዘብኮረ ተመሃራይ ምላሽ ንክህቡ ከቓልለሎምን እዩ።

በዚ **ሰይፍ ኣራይቨል (SafeArrival)** ስርዓት/ ሜላ፣ ናይ ውላድኩም ብኩራት ኣቐዲምኩም ካብዘን ዝሰዕባ 3 መንገድታት፣ ሓደ ዝጥዕመኩም ጌርኩም ንክትሕብሩና ንሓተኩም፥

1. ሞባይልኩም/ተንቀሳቓሲ መሳርሒ ተጠቒምኩም፣ **SchoolMessenger app (ስኩል መሰንጀር ኣፕ)** ዝብል ካብ ኣፕል ኣፕ ስቶር (Apple App Store) ወይ-ድማ ካብ ጉግል ፕለይ ስቶር (Google Play Store) ወይ ኣብዚ ዝስዕብ ኣቲኹም (https://go.schoolmessenger.ca) ኣራጊፍኩም/ዳውንሎድ (download) ጌርኩም ሸዑ ጸዓንዎ (install)። መጀመርታኹም እንድሕር ደኣ ነዚ app (መመልከቲ) ትጥቀሙ ኣለኹም፣ **Sign Up (ሳይን-ኣፕ ትብል ሳጹን)** ጠዊቕኩም account (ኣካውንት) ክፈቱ። **Attendance (ኣተንዳንስ ትብል ሳጹን)** ምስ ጠወቕኩም ብድሕሪኡ **ብኩራት ሓብሩ (Report an Absence)።**
2. SafeArrival (ሰይፍ-ኣራይቨል) website (ወብሳይት/መርበብ) ተጠቐሙ፣ https://go.schoolmessenger.ca ንመጀመርያ ኣብ ትጥቐምሉ፣ **Sign Up (ሳይን-ኣፕ ትብል ሳጹን)** ጠዊቕኩም account (ኣካውንት) ክፈቱ። **Attendance (ኣተንዳንስ ትብል ሳጹን)** ምስ ጠወቕኩም ብድሕሪኡ **ብኩራት ሓብሩ (Report an Absence)።**
3. ናይ ነጻ-ክፍሊት ቁጽሪ ደዊልኩም **1-855-278-4513** ብናይ ተሌፎን ማሽን ጌርኩም ብኩራት ሓብሩ።

እዞም ኣመራጺታት ኩሉ ግዜ 24 ሰዓታትን 7 መዓልቲ ኣብ ሰሙን ክፉታት እዮም። ናይ ዝመጽእ ብኩራት ኣብ ዝኾነ ግዜ ክትሕብሩ ትኽእሉ።

ካብ **ሰኑይ፣ ታሕሳስ 03, 2018** ጀሚርኩም፣ ኣብ ክንዲ መዘኻኸሪ ወረቐት፣ ምድዋል ወይ ኢመይል ናብ ቤት-ትምህርቲ ምስዳድ፣ **ሰይፍ-ኣራይቨል** ተጠቒምኩም ኣቀዲምኩም ብኩራት ክትሕብሩ ትኽእሉ።

እንድሕር ደኣ ኣቐዲምኩም ብኩራት ዘይሓበርኩሙና ካብ **ሰኑይ፣ ታሕሳስ 03, 2018** ጀሚርም ኣባላትና **ሰይፍ-ኣራይቨል** መዘኻኸሪ ተጠቒሞም ውላድኩም ከም ዘብኮረ ክፍልጥኹም እዮም።

ኣብ ካልእ ቤት-ትምህርቲ ዝኸይድ ውላድ ምስ ዝህልወኩም፣ ናይተን ቤት-ትምህርትታት ዘሎ መምርሒታት ተጠቂምኩም ብኩራት ሓብሩ።

ነዚ ሓድሽ ስርዓት ኣብ ምትግባር፣ ንትዕግስትኹምን ምትሕብባርኩምን ነመስግን።